# ፳ይ ሰንበት ዘጽጌ

## 1ኅዳር 2017 ዓ.ም. (11/10/2024)

**መዝሙር፡-** ጸገየ ውይን ወፈርየ ሮማን....ወይኒ ዓምበበ ሮማን ፈረየ ኵሎም አእዋም በረኻ ፈረዩ፥ ሽትው ተኽሊ ምስ ጥቕሉል ዕንዲዳ፥ ሰንበት ንዕረፍቲ ሰርዓልና፥ ዕምባባታት ፈረዩ ሊሊ ፈረየ፥ ክረምቲ ሓሊፉ በረኸት ደው በለ፥ ምድሪ ብዕምባባታት ተሸለመት፥ ጎይታ ሰንበት ንምሕረት አብአ፥ ሰንበት ንዕረፍትን ንድሕነትን ሰርዓልና።

**ንባባት፡** ዕብ 9:24-28፥ 2ጴጥ 3፡1-8፥ ግ.ሓ. 3፡20-27፥ ማር 12፡38-44 ።

**ምስባክ፡** ዓፀደ ወይን አፍለስከ እምግብጽ፤ ሰደድከ አሕዛበ ወተከልከ ክያሃ፤ ወጼሕከ ፍኖተ ቅድሜሃ። ካብ ግብጺ ወይኒ ጉንዲ አምጻእካ፤ ንአሕዛብ አባሪርካ ንአኣ ተኸልካ አብ ቅድሚአ መገዲ(ቦታ) ጸረግካ (አሰናዶኻ)። መዝ። 80፡8

፳ይ ሰንበት ዘዘመነ ጽጌ መወዳእታ ሰንበት ናይ ዘመነ ጽጌ ኢና ዘኪርና ዘሎና። ዝመጽእ ዓርቢ ዕለት 6 ኅዳር ብብዓለ ቊስቋም ክንዛዝሞ ኢና። ተራ ማርያም አብ ድኅነትና ምሳና ዘለዋ ምቅርራብ ከምኡ ካብ ሕይወታ እንምሃሮ እናአስተንተና አሕልፊናዮ። ድሕነትና ብዘይ ተሳትፎ ማርያም አይተፈጸመን። ጸሎትና ተፈጸመ ተስፉ አበው በማርያም ድንግል ወበ ቀራንዮ ተተክለ መድኃኒት መስቀል እናበልና አዕሪግና። ግን ዘመነ ጽጌ ዛዚምና ክንብል ከሎና ምስ ማርያም ምጽላይ አብቂዑ ማለት አይኮነ። ማርያም አብ እተዘከረትሉ ምስአ ወዳ አሎ ምኽንያቱ ዕብየት ማርያም አብቲ ካብ ወዳ እትረኽቦ ግንዖት ዝተመስረተ ስለ ዝኾነ። ካብዚ ንድሓር ክንገብሮ ዘሎና ምኽሪ ማርያምን አብነታን አብ ልብና አሕዲርና ብፍሉይ አብ አምላኽ ክንቀርብ እምነትና አብኡ ገርና ክነብር ይግባአና።

አብዚ ዘሎናዮ ዘመን ዝተፈላለየ ንእምነትና ዝፈታተን ከምኡ ከም ውሒዝ ንብዙሓት ዛሕሊ መንፈስን እምነትን ወሪስዎም ሰብ ዳርጋ ካብ አምላኽ ብዝያዳ ዝርሕቐሉ ዘሎ ኮይኑ ዝርአየሉ እዩ ዝመስል። እምነት አብ ክእለትናን ዓቕምናን ጥራሕ ገርና አነ ዝብል መንፈስ ወሪስና ከም ቀዳሞት ወለድና አብ ቤትና ስቓይ ስእነት ሰላምን ምርድዳእን ነእቱ አሎና። ገለ ኸአ ሓቂ ዝሓዙ መሲልዎም ንእምነት ክርስትና ከመ ናይ እትቶም መጋበሪ መሸቀጢ ገሮሞ ንብዙሓት ከምውሒዝ ይጠልፍዎም አለዉ። እዚ እውን ናይ ዘመና ፋሽን እዩ። እምነትካ እንተ ቐየርካ ሓቂ ከም ዝረኸብካያ ገርካ ምግማት ጌና አብ ዝገደደ ጸልማት አቲኻ ከምዘሎኻ ዘይምፍላጥ እዩ። ገለ ኸአ ንትምህርቲ ቅዱስ መጽሓፍ ቃል ንቓሉ ከም ዝደልይዎን ዝጥዕሞምን ተርጒሞም ዘይናቱ መልክዕ ዘልብሱ ናይ እዋና ናይ ሓሶት ነብያት እዮም። ነዚ አብነት ክኾነና ነዚ ዝስዕብ አብነት ንስማዕ።

ሓደ እዋን ሓደ ካህን አብ ሓደ ህዝቢ ዝዘናግዓሉ ቦታ ከይዶም እናተዛወሩ እንከለዉ ሓንቲ ጽቡቕ ክዳን ዝተኸድነት ግርማ ዘልአ ሰበይቲ ቅርብ ኢላ አባቴ አብ ዓደይ ክኸይድ ደልየ በጃኹም ቁሩብ ገንዘብ ሃቡኒ ኢላ ለመነቶም። ካህን ለቢሳቶ ዘላን እትሓቶን ኩሉ ገሪምዎም እንታይ ኢኺ ኮንኪ ተሰሪቕኪ ዲኺ ወይስ እንታይ ጸገመ ተጓኒፍኪ ኢሎም ሓቲቶማ። አብዚ ከተማ ዘምጽአ ንሓደ ፍሉይ ጎስጓስ ክትሳተፍ ዘበራትዕ መደብ ትምህርቲ ከም ዝመጽአት እሞ፥ እቲ ብናይ አምላኽ ሰብ ዝፍለጥ ዘሰንድዎም ዝነበረ ኩሉ ዘለዎም ገንዘብ ኩሉ ብምሉእ እምነት ንቤተ ክርስትያን ክምጽውቱ ሓቲትዎም በዚ ኸአ ምሉእ ጸጋ አምላኽ ከምዝረኽቡ ነጊርዎም። እዛ ሰበይቲ ኩሉ ዘለአ ገንዘብ ሂባ። ዘገርም እዩ ንመጎዓዓዚ ዝኾና ከየትረፈት ኩሉ ሂባ አብ ምልማን አትያ። ነዚአ ሰበይቲ ክንሕግዛ ይግባእ ድዩ ወይስ ብሓላፍነት ሕይወታ ስለ ዘይመርሐት ባዕላ ትፈልጥ ክንብላ ኢና? ብዝኾነ እዚአ ሰበይቲ ካብ ዘልአ ክትህብ ዝበለጸ እዩ ግን ኩሉ ዘልአ ሂባ አብ ልመና ክትአቱ ብዙሕ ዝድገፍ አይኮነን። ናይ ሎሚ ወንጌል (ማር 12፡38-44) ዘንበብናዮ ቃል ብቓሉ እያ አብ ግብሪ ተርጒማቶ። ኢየሱስ ነታ ድኻ መበለት ዝንአዳ ንኹሉ ዘልአ ብምሃባ አይኮነን አብ አምላኽ ምሉእ ተአማንነት ገራ ንኹሉ አብ ትሕቲኡ ብምሕዳጋ እዩ። ብዙሓት ንቅዱስ መጽሓፍ ቃል ንቓሉ ብምትርጓም ንብዙሓት አብ ጌጋ ዘውድቑ አለዉ። ቅ. መጽሓፍ

መጀመርያ ቤተ ክርስትያን እያ እትትርጉመልና ከምኡ ናይ እዋኑ አዘራርባን ባህልን ክንፈልጥ ጥቕሚ አልኦ። አምጽእ አቢላካ ቅ. መጽፍ ከምዚ እዩ ዝብል ኢልካ ንሰባት ቃል ንቃሉ ከተግብርዎ ምሕታት ጌጋይ እዩ። እዚአ ሰበይቲ እዚ ጸገም እዩ ወሪድዋ።

አብ ወንጌል ዘንበብናዮ ናይ እዛ ድኻ መበለት ብብዙሕ መገዲ ክንርእዮ ንኽእል፥ ካብ ሕይወታን እምነታን አርባዕተ ነገራት ክንምሃር ንኽእል።

1. **ድኻ ሓገዝ ዘድልያ እንከላ ነቲ ኩሉ ዘልአ ንኻልኦት አብ ምሕጋዝ ክውዕል ምጽዋት ሂባ**። ንርእሳ ዝደኸየት ገራ አይርአየትን ስለዚ ንካልኦት ካብቲ ዘለአ ቍርብ ንኻልኦት ካብአ ዝገደዱ ክተካፍል ክትሕግዝ መጽዊታ። ካብዚ እንምሃሮ ንኻባና ዝደኸዩ ፍሉይ ሓገዝ ዘድልዮም ኩነታትና ወላ ዘየፍቅድ እንተ ኾነ ክንሕግዝ ከም ዝግብአና። ንርእሰይ ዝብል መንፈስ ካባና አርሒቕና ብሓቅን ምሉእ እምነትን ብዘይ ዝኾነ ካልእ ምኽንያት ብቅኑዕ መንፈስ ክንህብ ይግብአና።

2. **ካብቲ ዘልአ ቁሩብ ንካልኦት ካብ ምሃብ ድሕር አይበለትን**። እቲ እትህቦ ዘላ ውሑድ ከምዝኾነ ወላ ሓንቲ ለውጢ ከምዘየምጽእ ትፈልጥ ነራ። ሃብታማት ጥራሕ ክምጽውቱ ግን ሱቕ ኢላ ክትርኢ አይደለየትን። ካብዚ እንምሃሮ ኩሉ ጊዜ እንህቦ ወላ ውሑድ ይኹን ክንህብ ከምዘሎና ምፍላጥ። ከምቲ ንጣብ ማይ ተአኻኺቡ ባሕሪ ከም ዝፈጥር ከምኡ ውሑድ ምጽዋትና ዓቢ ሓገዝ ክኸውን ይኽእል እዩ። ስለዚ ድኻየ ሓንቲ የብለይን ኢልና ካብ ምሃብ ወይ ዘሎኒ ሒደት እዩ ኢልና ሱቕ ከይንብል። እታ ንእሽቶይ እንህባ ዓቢ በረኸት አልአ።

3. **ነቲ አምላኽ አብ ሕይወታ ዝሃባ ርእያ ስለ ዝኸአለት ክተመስግን ክኢላ**። እቲ ኩሉ ዘልአ ካብ አምላኽ ከም እተዋህበት ትፈልጥ ነራ በዚ ምኽንያት እያ ኸአ ወላ እኳ ዘልአ ዝወሓደ እንተ ኾነ ካብ ምምጽዋት ድሕር ወይ ሰጋእ ዘይበለት። ኩሉ እነመሓድሮን ዘሎና ንብረት ይኹን ካልእ ነገራት ህያባት አምላኽ እዩ፥ ንዘሎና ምስካልኦት ክንካፈል ከሎና ምስጋና ኢና ነቕርብ። እዚ ኸአ እዩ መሰረት ንካልኦት ምፍቓር ማለት ካልኦት አብቲ ዝተቐበልካዮ በረኸት አምላኽ ከምዝካፈሉ ምግባር።

አብ መጨረሻ እዚአ ድኻ መበልት ብዝልዓለ ደረጃን ብምልኡን አብ አምላኽ ዘልአ ተአምኖን ጽግዕተኛነት አርእያ። አምላኽ ጥራሕ ጸግዓ ገራ፥ አብቲ ዝነበራ ገንዘብ እምነት ስለ ዘይገበረት ክትህቦ ወላ ሓንቲ ውልውል አይገበረትን። አብ ሕይወትካ/ኪ ካባ ክትፈልዮ ዘይትደሊ ዳርጋ ማሪኹ ግዝኡ ሒዝኳ/ኪ ዘሎ ነገራት አሎካዶ/ሎኪዶ? ካብ እምነትካ ንላዕሊ ዋጋ እትህቦ ነገራት አሎዶ? ዋግኦም ጥቕሞምን ብዘየገድስ ንወትሩ ምሳኻ ክኾኑ እትደልዮም ነገራት አለዉኻዶ? እንታይ እዩ አብቲ ቀንዲ እምነትካ አብ እትገልጸሉ ጊዜ ክትህቦም ወይ ካብኦም ክትፍለ ዘጸግመካ ዘሎ? እዚ አብ ሕልና ነፍስወከፍ ክንሓስብ ዝሕግዘና እዩ። አምላኽን ንብረትን ፈላሊኻ ምርአይ። አብዚ ምድራዊ ሕይወትና ግዙኣት ዘሎና ንብረትን ክእለትን አተሓሳስባን ከይንኸውን ምጥንቃቕ የድልየና። መንዩ አብ ልበይ ዝገዝእ ዘሎ ኢልና ንርእስና ክንሓትት እዋኑ እዩ።

አብ 1ዘነ 17፡10-16 ዘሎ እንተ ረአና ኤልያስ ነብይ ብአምላኽ ናብ ሰራጵታ ናይ ሲዶና ክኸይድ እሞ አብኡ ምስ ሓንቲ ድኻ መበለት ክቕመጥ ተነጊርዎ። አብ መጀመርያ እታ መበለት ሓንቲ ከምዘይብላ እተን ዘለውአ ቁሩብ ሓርጭን ዘይትን ጥራሕ እምበር ድሕሪኡ ንሳን ወዳን ከምዝመቱ እያ ነጊራ እንተ ኾነ ኤልያስ ነብይ መንፈስ አምላኽ ገሊጽሉ ሓንትስ ንአይ መጀመርያ ሃብኒ እምበር ግብሪ አምላኽ ክትርእዪ ኢኻ ምስ በላ ሕረያ ኢላ መጀመርያ ንእኡ ሂባቶ። ሽዑ እቲ ዘይትን ሓሪጭን ብተአምራት እቲ ጥመት ክሳብ ዝሓልፍ አይተወድአን።

እዚአ መበለት ንርእሳን ንወዳን መግቢ ክትሰርሕ ትደሊ ነራ እንተ ኾነ ኤልያስ ካብአ ብዝያዳ ዘድልዮ ምስ ረአየት ክትህቦ ሰጋእ አይበለትን። ነታ ናይ መጨረሻ ዝነበርአ ሓሪጭ ንርእሳን ወዳን ሓዲጋ ሂባቶ በዚ ናይ ገዛእ ርእሳ መስዋዕቲ ገራ በዚ ኸአ አምላኽ አኻዕቢቱ ሂብዋ። ንዓመት ምልኡ ብትአምራት ተሰሰየት።

ቤተ ክርስትያን ሎሚ ካብዚ ናይ ሎሚ ንባባትና ንኻልኦት ክንሕግዝ ናይ ገዛእ ርእስና መስዋዕቲ ክንገብር ከም ዝግብኣና ተስተምህረና። ኣብ ቀዳመይቲ ንባብና ካብ ዕብ 9፥24-28 ክርስቶስ ምእንታና ኢሉ እንኮን ዘለዓለማውን ሓደ ጊዜ ንሓዋሩን ተሰዊዑ። እሞ ሎሚ ኣነን ንስኹም ምእንቲ ድኻታት፥ ዘኽታማት ቆልዑ፥ ጎረባብትና ወይ ጽጉማት ኢልና ክነወፍዮ ዘሎና መስዋዕቲ እንታይ ኣሎ? ገንዘብካ ግዜኻ ምኽርኻ ዘጸናንዕን ዘበራትዕን ሓሳባት ከምቲ ናይ እታ መበለት ሰበይቲ ንኤልያስ ተቐቢላ ዝመገበት ናተይን ናትካን ሓርጭ ወይ ዘይቲ እዚ እዩ ኢልና ንሃብ። ስለዚ ንእንህቦ ኣይንጠራጠር፥ ሓንቲ ነፍሲ ከድሕን ይኽእል እዩ።

ኣብዚ ናይ ገዛእ ርእስና መስዋዕትን ምትብባዕን ኣብ እንገብረሉ ከም ጸሓፍቲ ከይንኸውን ምጥንቃቕ የድልየና፥ ንሳቶም ብማዕዶ ዝጥምቱ ካብ ዘኽታማትን ድኻታትን ነታ ዘላቶም ዝምንጭቱ በቲ እቶም ድኻታት ዝገብርሎም ዕድልት ተጠቒሞም ናይ ገዛእ ርእሶም ጥቕምን ሃብትን ዝድልቡ ከይንኸውን ንጠንቀቒ። ኣብ ብዙሓት ሃይማኖታት ብስም ድኻታት ኢልካ ዝልመን መራሕቲ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሶም ጥቕሚ ዘውዕሉ ውሑዳት ኣይኮኑን። ናይ ኣፍርቂ ድኻታት ቆልዑት ስእልታት እናኣርኣዩ ዝሃብተሙ ውሑዳት ኣይኮኑ ይምሓረና ዘብል እዩ።

መራሕቲ ሃይማኖት ብፍላይ ኣብ ዘመሓድርዎ ገንዘብ እሙናት ክኾኑ ይግባእ። ንድኻታት ካብቲ ዘለውዎ ድኽነት ከመይ ገሮም ከምዝወጽኡ ድኣ ክንገብር ኣሎና እምበር ዝገደደ ድኽነት ከም ዝወርዶም ከይንገብር ምጥንቃቕ የድልየና። ናይ ሓገዝ ማሕበራት እናተባህለ ዝግበር ብስም ድኻታት ንገዛእ ርእስኻ ኣብ ምህብታም ምጉያይ እዩ። ኣብ ሃገርና ኣብ ጊዜ ደርግ ብርኡይ እንርእዮ ዝነበርና እዩ። ብሓቂ ክንዛረብ እንተ ኾና ክንስሓሉ ዘሎና ብዙሕ ጌጋታት ነሩ እዩ። ሎሚኸ ከመሎና ንድኻታትን ንመበለታትን እንምንጭት ዲና ወይስ ብኣኦም እንግደስ? ኣብ ሕልና ዝተመስረተ መልሲ ክንህብ ይግብእ። ሕጂ እውን ዓይነት ድኣ ቀይሩ ይኸውን እምበር ንድኻ ዝዕምጽ ዳርጋ ከይበላዕካ ንበር ዝብል ኣገባብ ንኹሉ ከቢድዎ ኣሎ።

ኣምላኽ ክንጠሚ ክንጭነቕ ኣይደልን እዩ፥ ካብ ባርነት ኃጢኣት ብደም ክርስቶስ ሓራ ወጺእና ኢና። እዚ ሓርነት ከይግሃስ ከይጠፍእ ኩልና ክንሕልዎን ክንከላኸለሉን ኣሎና። ናይ ሃይማኖት መራሕቲ ይኹኑ ናይ ፖሎቲካ ነጻነት ሰብ ብዝያዳ ከተግብሩ እምበር ክዕፍኑ ወይ ክዕምጹ ኣይ ኮኑን መራሕቲ ዝኾኑ። መራሒ ነቲ ብኣምላኽ ዝተዋህቦ ሓላፍነት ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ክመርሕ እዩ ጸዋዕትኡ ካብኡ ምስ ዝወጽእ ህዝቢ ዓገብ ክብሎ መሰሉ እዩ።

ኣብ ሕይወት ፍርሃት ምሽቑራር ኣብ ዝበዝሓሉ ጊዜ ናይ ፈተና ጊዜ እዩ። ኣብ ኣምላኽ ምሉእ እምነተ ገርና ክንጉዓዝ ይግባእ። ጽንኩር እዋን ዝመስል ብዝያዳ ኣብ ኣምላኽ ዘቐርበና እዩ። ኣብ መጽሓፍ ጦቢት 12፥8-9 ወርቂ ካብ ምእካብ ምጽዋት ምሃብ ይበልጽ. . . እቶም ንድኻታት ምጽዋት ዚህቡ ምሉእ ሕይወት ኪረክቡ እዮም ይብል። ኣምላኽ እቲ ዝለዓለ ሓላይና እዩ (ዘፍ 22፥14)፥ ቅ. ጳውሎስ ኣብ ፊልጵ 4፥19 ኣምላኽ ከኣ ድሌትኩም ዘበለ ኹሉ ከም መጠን ሃብቱ ብክርስቶስ ኢየሱስ ገይሩ ብኽብሩ ኺመልኣኩም እዩ፥ እናበለ ኣምላኽ ዘድልየናን ከመይ ገርና ክንረኽቦ ከም እንኽእል ይፈልጥ እዩ። እታ ሓንቲ ክንገብራ ዘሎና ኣብኡ ምሉእ እምነት ክህልወና ይግባእ።

በዚ ብሩክ ሰንበት ዘመነ ጽጌ ኣብ እንዛዝመሉ ዘሎና እምብኣር መጀመርያ ነቲ ኹሉ ኣምላኽ ዝሃበና ጸጋታት ርኢና ኣብ ኣገልግሎት ኣምላኽን ጥቕም ኣሕዋትናን ክንውዕል ከም ዘሎና ብዝያዳ ክንሓስብ። ኣሰር ማርያም ተኸቲልና መገዲ ድሕነትን ቅድስናን ተጓዒዝና ኢና እሞ ነቲ ኹሉ ኣምላኽ ዝገበረልና ነፍሰይ ንኣምላኽ ተዕብዮ እናበልና መዝሙር ውዳሴ ክንዝምር ይግብኣን። ኦ ማርያም ኣደ ኣምላኽ ሎሚ እውን ወድኺ ዝደልዮ ክንገብር ለምንልና ንበላ።

ብሩኽ ሰንበት

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ